# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቑ.41 | ቀዳም 17 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 ጥበብ ኣናብባ መጽሓፍ ቍጽሪ


ገጽ 4 ርዚና መብራህቱ...


ገጽ 5 ህውተታ ስርዓት ብልጽግና

ገጽ 9 ህያብ ጥምቀተይ


ገጽ 11 “ብህይወት ምህላወይ ዕድለኛ'የ” - መሪኖ



# ኣብ ኣስመራ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ



ስእሊ ኣብርሃም በየነ

ብምኽንያት መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ “ስብሰርሖ ብልሕን ዛንታ ልምዓት ኤርትራን” ብዝብል ኣርእስቲ ዝተወደበ፡ ወከልቲ ሚኒስትሪታት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ሓለፍትን ወከልትን ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሲያውያንን ዝተሳተፍዎ መድረኽ ዘተ፡ ብ15 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ተቓኒዑ።

እቲ ዓውደዘተ ብቐንዱ፡ ምህናጽ ዓቕሚ፡ ምሕያል ተረኣይነትን ምቕራጽ መጻኢን ኣብ ዝብል ዛዕባታት ዘተኮረ ኩይኑ፡ ኣኽኣሊ ልምዓታዊ መደባት ኤርትራ ምስ ስብሰርሖ ብልሒ ብኸመይ ክወሃሃድ ከም ዝኽእል፡ ከምኡ'ውን ንመጻኢ መንገዲ ንምጥጣሕ ዝዓለመ'ዩ።

ብዝርዝር፡ ኣበርክቶ ስብሰርሖ ብልሒ ኣብ ጕዕዞ ወሰኽ ክብሪ ልምዓታዊ ቀዳምነታት ኤርትራ፡ ተኽእሎ ምምዝዛን ዕድላት፡ ድልውነትን ብድሆታትን፡ ምሕያል ሃገራዊ ማዕከን ሓበሬታን መሰረት ቋንቋን፡ ብሃገራዊ ቀዳምነታት ዝምራሕን ሓላፍነታውን ኣሰራርሓ ምስ ስብሰርሖ ብልሒ ክወሃሃደሉ ዝኽእል ሽቶታት፡ ዝብል ኣርእስትታት ተዳህሲሱ።

ዲን ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዶ/ር ኣርኣያ ዘርኣይ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ምስ ዓለማዊ ኩነታት ንምስጓም፡ ኣብ መንእሰያት ወፍሪ ኮይኑ፡ ዲጂታዊ ምጥፋእ መሃይምነት ኣቓልቦ ክወሃቦ፡ ኣብ ሰነፍልጠት ቴክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ሕሳብን ብኣድህቦ ክስራሓ፡ ንስብሰርሖ ብልሒ ምስ ከለንትናዊ ክውንነትና ክሰናኸኖ፡ ከምኡ'ውን ንኤርትራውያን ዘገልግልን ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ህላወና ዘረጋግጽን ስርዓት ስብሰርሖ ብልሒ ክዋደድ እዋኑ ዝጠልቦ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ዝተሰረተ፣ ከምኡ'ውን ንሃገራዊ ልምዓት ዘቀላጥፍ ኣበርክቶ ስብሰርሖ ብልሒ ብቐዳምነት ክለዓል ካብ ዘለዎ ዛዕባታት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ስብሰርሖ ብልሒ ቅጻበታዊ ልምዓት ከማዕብል ክበሩ ድማ ኣብ'ቲ ንድሌታት ደቂ-ሰብ ዝሀቦ ሓቀኛ መልሱ-ግብረን ስቡት ወጽኢቱ ንምምርማር ኣብ ዝህልዎም ዓቕሚን ከም ዝምርኮስ ኣገንዚቡ።



ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ድማ፡ ኣብ ሰብኣዊ ክብረት፡ ሃገራዊ ቀዳምነታትን ወሽጣዊ ክዉንነትን

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ብልጫታትን ብድሆታትን ከምኡ'ውን ጸገማት ንምፍታሕ ኣብ ዝሕግዙ ሓሳባት፡ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

## ተጋዳላይ ገብረስላሴ ኣርዓዶም ተሰዊኡ



ኣብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዝነበረ ገዲም ተጋዳላይ ገብረስላሴ ኣርዓዶም ኣብርሃ ኣብ መበል 72 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ኑሓሰ 1977 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ገብረስላሴ፡ ክሳብ 1996 ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ክሳብ ሓላፊ ሎጅስቲክ ክፍለሰራዊት፣ ካብ 1996 ድማ ኣብ ምምሕዳር ዞባታት ደቡብ፡ ጋሽ-ባርካን ዓንሰባን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት፡ ክሳብ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ብምዃን ንህዝቡን ሃገሩን ብዘወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ገብረስላሴ ኣርዓዶም፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቂን'ዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ15 ጥቅምቲ ሰዓት 4፡00 ድሕሪቐትሪ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት መንደፈራ ተፈጺሙ።

ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ገብረስላሴ ኣብርሃ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን “ጽንዓት ይሃብኩም” ይብል።

## ሓላፊት ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ንኣባላት ማሕበር ሰሚናር ኣካዪዳ

ኣደ-መዝነር ሃማደኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ወ/ሮ ፋጥና ሓምድ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርን ተራ ደቂ ኣንስትዮን ዘተኮረ ሰሚናር፡ ንኣባላት ማሕበር ኣካዪዳ።

ወ/ሮ ፋጥና ኣብ መግለጺኣ፡ ብዘይ ምሉእ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ዝዕወት መደባት ሃገር ስለዘየሎ፡ ምሕያል ውዳበታት ማሕበር ንረብሓኣን ምዃኑ ተገንዚበን ንዕቤቱ ተሳትፎአን ከዕብያን ኣበርክቶአን ኣብ ሃገራዊ መደባት ከዕዝዛን ኣተሓሳሲባ።

ተሳተፍቲ ብወገነን ማሕበር ብትምህርትን ብሞያን ዝዓብያሉ መድረኽ ክፈጥረለን ብምዝኽኻር፡ ካብአን ዝሕተት ከማልኣ ድልዋት ምዃነን ኣረጋጊጸን።

## ርእሰ ዓንቀጽ

### ንተንኮል ስርዓት ብልጽግና ዘቃልዕ ተወሳኺ ሰጒምቲ!

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዘዕባ ዝወሰዶ ስጉምቲ ምስጓግ ዲፕሎማሲኛታት ኤርትራ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቀዋሚ ወኪል ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ዝምልከት ሕጋዊ ናይ ተቓውሞ ደብዳቤታት፡ ብ12 ጥቅምቲ ናብ ኣብያተ-ጽሕፈት ክልቲኡ ውድባት ሰዲዱ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣብ መልእኽቱ፡ እዚ ተግባር'ዚ ቅሉዕ ጥሕሰት መትከላት ልኡላዊ ምዕሩይነት ሃገራት ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ፣ ዓንቀጽ 15 ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ሕብረት ኣፍሪቃን ኢትዮጵያ ከም ኣኣንጋዲት ሃገርን ዝተገበረ ውዕል ናይ 2008፣ ንውሕስነት ወከልቲ ኣባል ሃገራት ዝምልከት ውዕል ሕብረት ኣፍሪቃ ናይ 1965፣ ከምኡ'ውን ካልእ መሰረታዊ ኣህጉራዊ ስምምዓት ከምዝጠሓሰ ብምንጻር፡ ኣባልነት ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ውድባት፡ ኣኣንጋዲት ሃገር ብዝወስዶ በይናዊ ስጉምቲታት ክገሃስ ከምዘይግባእ ኣስሚሩሉ።

ወከልና ኣብ'ተን ውድባት ኣብ ቃሕታ ወይ ቀውፊ ካልእ ኣባል ሃገር ክምርኮሱ ዘይግባእ ልኡላዊ መሰል ስለዘለዎ፡ ኣራሚ ስጉምቲታት ተወሲዱ፡ ኤርትራ - ከም ልኡላዊትን ማዕረ ኣባል ሃገርን፡ ኣባልነታን ምሉእ ተሳታፍነታ ኣብ ዝቐደድ ንጥፈታትን ክረጋገጽ ጸዊዑ'ሎ።

እዚ ኢትዮጵያ ዝወሰደቶ ዲፕሎማሲኛታት ኤርትራ ናይ ምብራርን ዝምድና ናይ ምብታኽን ስጉምቲ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዒላማ ብምግባር ተካይዶ ዘላ ግህሰትን ጥሕሰትን'ዩ።

ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራ፡ ካብ ወርሒ ግንቦት 2026 ጀሚሩ ንወግዓዊ ደብዳቤታት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ምላሽ ምሃብ ብምቁራጽ፡ ርክቡ ምስ'ቲ ሚኒስትሪ በቲኹ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ከይሓበረ፡ ብ8 ኑሓሰ 2026 ኣባላቱ ካብ ኤርትራ ኣውጺኡ። እዚ፡ ነቲ ልሙድ ዲፕሎማሲያዊ ስርዓት ዝጻረር ስጉምቲ፡ ምጥጣሕ ባይታ ንካልእ ዘንቀደ ተግባር'ዩ ነይሩ።

ኢትዮጵያ ኤምባሲኣ ኣብ ኣስመራ ክትዓጹ ድሕሪ ምውሳና፡ ብ1 ጥቅምቲ 2026 - ኣብ ኢትዮጵያ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ዝተመደቡ ዲፕሎማሲኛታት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ክወጹ ኣዚዛ። እንተኾነ፡ እቶም ዝተሰጉ ዲፕሎማሲኛታት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮኑ፣ እንተላይ ኣብ'ተን ውድባት ተመዲቦም ዝሰርሑ ዝነበሩ ብምዃኖም፡ እቲ ስጉምቲ - ቅሉዕ ጥሕሰት ናይ'ቲ ንኣባልነትን ተሳታፍነትን ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ውድባት ዘመሓድር ኣህጉራዊ ሕግን ውዕላትን ስለዝኾነ፡ ክቕልበስ ምሕታት ልኡላዊ መሰል'ዩ።

ዜና

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ተዘኪረን

16 ጥቅምቲ - ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ "ሉሚ ንክሉ፡ ጽባሕ ንንዓግል"፣ 17 ጥቅምቲ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት ድማ "ብሓባር ኳንና፡ ድኽነት ነጥፍእ" ብዝብል ቴማታት፡ ብደረጃ ሃገር ትማሊ ኣብ ማይ-ነፍሒ ተዘኪረን።

ኣብ'ቲ ላዕለዎት ሰብመዚ መንግስቲ፡ ወከልቲ ዝምልከተን ትካላት ሕቡራት ሃገራት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ከምኡ'ውን ዕዱማት ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዘሰመዖ መደረ፡ ንኣገዳስነት ንኡሱ ርቡሕ፡ ቃጽያ ሕርሻን ኣብ ምርግጋጽ እኹልን ውሑስን መኣዛዊ መግቢ ዘለዎ ኣበርክቶን ብምጥቃስ፡ ተጠርዩ ብዘሎ ተመክሮ፡ ቀጻጸርን ቀጻሊ ገምጋማትን እናተኻየደ፡ ስትራተጂካዊ መደባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምልኣት ንምትግባር ይሰራሕ ከም ዘሎ ገሊጹ።




ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቀጻጸርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየኽ ድማ፡ ሉሚ እንዝንጸ ስርዓት-መግቢ፡ ንኹሉ መዳያዊ ዕብየት መጸኢ ወለዶታት ዝጸሉ ምኻኑ ብምዝኻኻር፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኣብ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ሕርሻዊ መጻናዕትታት፡ ምምዕባል ሃብቲ እንስሳ ከምኡ'ውን ሕርሻዊ ኢኮሎጂካዊ ትሕተ-ቅርጻን ዓቢ ወፍሪ ከካየዱ ምጽንሖም ኣብሪሁ።



ስእሊ ክብሮም ጸሃየ

ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት 130 ዝነበረ ቁጽሪ ከዝሑቲ ማይ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ናብ 850 ክብ ምባሉ፡ ግሉሕ ኣብነት ከም ዝኾነ'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ወከልቲ ውድብ መግብን ሕርሻን ከምኡ'ውን ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘቕረብዎ መልእኽትታት፡ ዘላቒ ዕብየት - ኣብ ሓያል ሃገራዊ ትካላት፡ ወህድ ውጥን ሕብረተሰብ፡ ሕርሻን ትሕተ-ቅርጻን ኣብ ዝግበር ወፍሪ ከም ዝምርኮስ፡ ሽርክነት ልምዓት ድማ ምስ ቀዳምነታት ዝወሃሃም ሃገራውያን ውጥናት፡ ትካላትን ሓላፍነታውነትን ምስ ዝቃነ ኣድማዕነቱ ብዝበለጸ ከም ዝዕዘዝ ኣገንዚቦም።

# ኤርትራውያን ማሕበረኮማት ስዑድያን ቐጠርን፡ ኣብ መድረኻዊ ተልእኾ ዘትዮም

ኤርትራውያን ማሕበረኮማት ኣብ ሪያድ - ስዑድያ ከምኡ'ውን ኣ'ደውሓ - ቐጠር፡ ብ12 ጥቅምቲ ብበወገኖም ኣብ መድረኻዊ ተልእኾ ዝዘተየ ርክባት ኣቃኒዮም።

ኣብ ከተማ ሪያድ ኣብ ዝተቓፀ ሰሚናር፡ ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ዘተኰረ ሰፊሕ መግለጺ ሂባ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ መብርሂ ዝደለዩሉ ሕቶታት ድሕሪ ምቕራብ፡ ንቕሓቶም ብምብራኽን ውዳበታቶም ብምሕያልን ካብኦም ዝሕተት ተራን ኣበርክቶን ንምትግባር ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።



ኣብ ኣ'ደውሓ - ቐጠር ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ሰሚናር ድማ፡ ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም፡ ንኣተዳድላን ወከልትን ሃገራውያን ውዳበታት ማለት ማሕበረኮም፡ ሃግደፍ፡ ህግደፍን ካልኦትን፡ ኣቲናዮ ዘለና መድረኽን ዘለክሞ ሓላፍነትን ኣመልኪቱ እዋናዊ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ሰሚናር ዝተሳተፉ ዜጋታት ብወገኖም፡ ተመሳሳሊ ርክባት ብስሩዕ ክቅየድ ድሕሪ ምልባው፡ ቡብሞያኦምን ዝምልከቶምን ከምኡ'ውን ብዘውሃብ ናይ ስራሕ መምርሒ፡ ዓቕሞም ዝፈቕዶ ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።



# ማእከል - ገምጋም ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዓመተ 2025/2026 ተኻዪዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብ13 ጥቅምቲ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዓመተ 2025/2026፡ ወጽኢታውነት ናይ'ቲ ወፍሪ ብሓባራዊ ዕዮ ኣተግባርቲ ኣካላት ከም ዘረጋገጸ ኣዘኻኺሩ።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ወፍሪ ኣቶ ኤፍሬም ተኽሉ፡ 2,797 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 6,642 ተመሃሮ ኣብ 45 ነቑጣታት ተዋፊሮም፡ ልዕሊ 293 ሽሕ ጉዳጉዲ ከምዝኾዓቱ፡ ልዕሊ 194 ሽሕ ፈልስታት ከምዝተተኸሉ፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 525 ሽሕ ኪሎ-ሜተር ቅናታዊ ዛላታት ከምዝሰርሑን ከምዝጸገኑን ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ገስጋስ ድሕነት ትራፊክ፡ ጽገና ሰደቓታትን ምጽጋፍ ሰሩዓትን ካልእን ዝተዋፈሩ'ውን ከምዝነበሩ ብምጥቃስ፡ 90 ሚእታዊት ናይ'ቲ ውጥን ከምእተተግበረ ኣብሪሁ።

ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ ወፍሪ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ብወገኖም፡ ንትግባረ መደባት ብመንጽር ዝነበረ ወጥን፡ ብልጫታት ወፍርን ዝተራእዩ ድኽመታትን፡ ሕጽረት ዝፍብ ክራማትን ጸልዋኡን፡ ከምኡ'ውን መጻኢ መደባት ዝምልከት ጸብጻባት ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ'ቲ ወፍሪ ዝሰተፉ ናይ ስራሕ መሳርሒ ውዳቦም ከሰጥምን ከናበሩን፡ ጸጋታት ብግቡእ ክኽናኸቡን ሃልኪ ክሕበኹን ቀጻልነት ማዕቆላውያን ኣግራብ ብመንገዲ'ዚ ወፍሪ ከውሓስ፡ ጉዕዞ ዝሓለፈ ዓመታት ተገምጊሙ ክስደድን ከም መወከሲ ከገልግልን፡ ሓሓሊፉ ዝርአ ሕጽረት ናውቲ ማእቶት ክምላእ፣ ከምኡ'ውን ብዘይቅቡል ምኽንያት ዝጠፍኡ ተመሃሮ ኣራሚ ስጉምቲ ክወሰደሎም ዝብል ርእይቶታት ሂቦም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል ኮሎኔል ገብረሂወት ወልደገርግሽ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ገምጋም - ተመክሮ ንምድላብን ንብደሆታት መፍትሒ ንምንዳይን ሓጋዚ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ተዓሚሙ ዘሎ ስራሕ ኣዕጋቢ'ኳ እንተኾነ፡ ንዝበርኸ ወጽኢት ብውህደት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ 1994 ዝጀመረ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ብዘይካ ኣብ 2000፡ 2003፡ 2006፡ 2018ን 2020ን፡ ብስሩዕ ክትግበር ዝጸንሐ ሃገራዊ ልምዓታዊ መደብ'ዩ።


ስእሊ ሳሙኤል ንጉሰ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ኲርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ጥበብ ኣናብባ መጽሓፍ ቍጽሪ



ዝተፈላለየ ዓይነት ትምህርቲ ናቱ ጥበብ ኣናብባ ወይ ኣጸናንዓ ክንገብረሉ ንኽእል ኢና። ሓደ ዓይነት ኣጸናንዓ እንጥቀም'ውን ኣንስኣንን። እቲ ባዮሎጂ ከነጽንዕ እንከለና እንጥቀመሉ ኣገባብ ኣብ ስነ ቀመም ወይ ፊዚክስ ኣሎ፣ እቲ ንጂኦግራፍ እንጥቀመሉ ኣገባብ ንታሪኽ ንጥቀመሉ ንኸውን። እዚ እተጠቕሰ ዓይነታት ትምህርቲ ነናቱ ጥበብ ኣጸናንዓን ኣናብባን ክንፈጥረሉ ንኽእል ኢና። ንኣብነት፡ እቲ ንታሪኽ ከነንብብ ወይ ከነጽንዕ እንጥቀመሉ ጥበብ፡ ምስቲ ፊዚክስ እንጥቀመሉ ኣገባብ ዝተፈልየ ክኸውን ግድን እዩ። ከምቲ ኣብ ክፍልና እንምሃሮ ክልተኡ ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣሎዎ። ኵሉ ዓይነታት ትምህርቲ ብቐሊሉ ኣብ ርእስና ምእንታን ክሰፍር ልዑል ተሳታፍነትና ይሓትት። ፊዚክስ ዝያዳ ካልኦት ናብ መዓልታዊ ኣናብራና፡ መዓልታዊ ንጥፈታትና፡ ካልእ ኣብ ቀረባ ምሳና ዘሎ ነገራትን ዝቐረበ ብምዃኑ፡ ንመዓልታዊ ኣናብራና ብስነ ፍልጠት እናተዓዘብናዮ እንተ ከይድና ብዙሕ ከም ዘጽናዕና እዩ። ታሪኽ ከኣ ብዝሒ ምንባብን ናይ ምሓዝ ክእለትን ዝሓትት እዩ። ስለዚ፡ ንኽልተኡ ናትና ጥበብ ኣጸናንዓ ከነተኣታቱ የድልየና። ኣብ ኵሉ ናይ ኣጸናንዓ ጥበብና እቲ ዝዓበየ ግደ ዘሎዎ ናይ ኣናብባ ጥበብና እዩ። ኢንግሊዘኛን ቍጽርን ከኣ እቲ ካብ ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ ፍሉይ ኣናብባ ዝጠልብ'ዩ። ካብኡን ናብኡን ቍጽሪ ብዕዮ ዝጽናዕን ዝተፈልየ ኣናብባን ኣሎዎ።

ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ከምቲ ካልእ መጽሓፍቲ፡ እነንብቦ ጥራይ ኣይኰነን። ካብ ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ከነጽንዕ እንከለና፡ ብዙሕ እዋን ኣብቲ ዕዮታት ብምስራሕ ጥራይ ኢና ክንርዳእ እንፍትን። ነቲ ብቓላት ዝጸሓፍ መረዳእታ፡ ሕግታት (መምርሒታት)፡ ሎጂክን ካልእን ጕሲናዮ ንሓልፍ ውሑዳት ኣይኰናን። እቲ መሰረታዊ ርድኢትና በቲ እንሰግሮ ጽሑፍ ዝንደቕ እንተ ኰይኑ፡ እቲ ብዕዮ ምስራሕ ጥራይ እንፈልጦ ፍልጠት ከመይ ኢሉ ነባሪ ይኸውነልና፧ ኣብ ክፍሊ ብቍጽሪ ንፉዓት ተመሃሮ ኣብ ፈተና ክበጽሑ ዝዘረጎም ክንደይ ትፈልጡ፧ እቲ ብቓላት ዝጸሓፍ መረዳእታ እምበኣር መሰረታዊ ኣምር ናይቲ እንምሃሮ ብምዃኑ፡ ንእኡ ሰጊርና ከነጽንዕ እንከለና ኵሉ ሳዕ ጕደሎ ርድኢት ኢና እንሕዝ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ግዜ ፈተና ንዘመጽእ ናይ ቃላት ወይ ኣምር ሕቶ ብዙሕ ግዜ እንጋገዮን ቀልጢፍና እንርስዮን። መጽሓፍቲ ከነንብብ እንከለና፡ ዘይንፈልጦ ቃላት ምስ ዘጋጥመና፡ ምንባብና ብምቕጻል ካብ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እቲ ኣርእስቲ ሓደ ርድኢት ክንወስድ ከም ዘሎና ዝምዕዱና ኣይሰኣኑን። እዚ ጥበብ ኣናብባ (skimming) ኣብ ካልኦት ዓይነታት ትምህርቲ ክንጥቀመሉ ንኽእል'ኳ እንተ ኰንና፡ ኣብ ቍጽሪ ግን ተመራጺ ኣይኰነን። ዘጋጠመና ዘይንፈልጦ ቃል ወይ ምሉእ ሓሳብ ተንቲንና ከይፈለጥናዮ እንተ ዘይሰገርና ይሓይሽ። ናይ ቍጽሪ መጽሓፍቲ ንኽንንበብ ዝበዝሐ ግዜን ኣድህቦን የድልዮ። ኣብ ኣናብባ ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ሓጋዚ ክኸውን ዝኽእል እዚ ዝስዕብ ነጥብታት ንርአ፧

1. ሓፈሻዊ ስእሊ ናይቲ ጽሑፍ ወይ ምዕራፍ ንምሓዝ፡ ንምሉእ ኣርእስቲ ከይዓሞቚና ቅድም ነንብቦ። ብዘይካኡ መእተዊ ናይቲ ምዕራፍን ኣብ መወዳእታ ዝጸሓፍ ጽማቝን (introduction and summary) እንተ ኣንቢብናዮ፡ ኣብ ምወዳእታ'ቲ ምዕራፍ እንቐስሞ ፍልጠት እንታይ ምዃኑ ክገልጸልና ይኽእል'ዩ። ናይ ሓደ ምዕራፍ ወይ ኣርእስቲ ሓፈሻዊ ስእሊ ምፍላጥ፡ ኣብቲ እንሰርሖ ዕዮ ሓጋዚ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሓፈሻዊ ስእሊ ንምሓዝ ከነንብብ እንከለና፡ ምስኡ ዝተኣሳሰር ኣቐዲምና ንፈልጦ ምዕራፍ ክህሉ ስለ ዝኽእል ተመሊስና መዘኻኸሪ ክንገብር ንኽእል። እዚ መጀመርታ እነንብቦ ካብ ዓሰርተ ደቒቕ ዘይሓልፍ ይኹን።

2. እናኣንበብና ዘጋጥመና ዘይንፈልጦ ቃላት ብርሳስ ገይርና ንኽብበሉ። ድሕሪ ምንባብና ትርጕሞም ንድለ፣ እንተ ስኢንና ከኣ ንመምህርና ወይ ይፈልጦ'ዩ ዝበልናዮ ንሕተት።

3. ካልኣይ ግዜ ነንብቦ፣ ኣብዚ እዋን ምሉእ ኣድህቦናን ዓቕምናን ናብቲ ነንብቦ ዘለና ነቕናዕዮ። እና'ንበብና ከለና ኣገዳሲ እንብሎ ነስምረሉ ወይ ምልክት ንገብረሉ። እንተ'ኹነ ልዕሊ ሓምሳ ሚእታዊት ናይቲ ኣርእቲ ከነስምረሉ የብልናን፣ እቲ ኣገዳሲ እንብሎ ከነለሊ ክንክእል ኣሎና። ኣብ ክፍሊ እናተመሃርና መምህርና ጸቒጡ ዝገለጾ፡ ኣብቲ መጽሓፍ እንተ ጸኒሑ ክንግደሰሉ ኣሎና። ዝበዝሐ ግዜ መምህርና ኣብ መግለጺ ዝጸቐጠሉ ኣብቲ መጽሓፍ'ውን እንተ ጸንሑና፡ ኣብ ፈተና ናይ ምምጻእ ልዑል ተኽእሎ ኣሎዎ። ኣገዳሲ ዝበልናዮ ኣምር ኣስሚርናሉ ምጽናሕ፡ ካልእ ግዜ ደጊምና ኣብ ነንብበሉ ሓጋዚ ይኸውን። ምንባብ ናይ ቍጽሪ ምጽሓፍ ኣድህቦ ይጠልብ እዩ፣ ኣብ ሓደ ገጽ ኣንቢብና ክንርድኦ ብእነጥፍኦ ግዜ፡ ዘይንቕነቕ መረዳእታ ኢና እንሕዝ።

4. ኣብነታት ክንሰርሕ እንከለና ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ኣፈታትሓ ናይቲ ሕቶ ንርኣዮ። ምናልባት ኣብቲ መጽሓፍ ዝተዘለ ደረጃታት ኣፈታትሓ እቲ ዕዮ እንተ ኣጋጢምና ንኹሉ'ቲ ዝተዘለ ብርሳስ ንጽሓፎ። ወይ ከኣ ኣብ ጥራዝና ከም ብሓድሽ ሓደ ብሓደ ክንጽሕፎ ንኽእል። እዚ ክንገብር እንከለና እዚ ዝስዕብ ጥቕምታት ንረክብ፧

- ካልእ እዋን ተመሊስና ከነንብቦ እንከለና ኣይንሸገርን፣

- ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ከመይ ተሰሪሓ ኣላ ንፈልጥ፣

- ድሕሪ ነዊሕ እዋን (ብፍላይ ኣብ ፈተና) ክንዝክሮ የኽእለና፣

- ንእኡ ዝመስል ካልእ ተመሳሳሊ ሕቶታት ንኽንሰርሕ ዓቕሚ ይህሉወና፣

5. ዘይተረድኣና ኣምራት ወይ ቃላት ምልክት ንግበረሉ፣ ኣብቲ ሓፈሻዊ ስእሊ ንምሓዝ እነንብበሉ እዋን ምልክት ገይርናሉ ዝነበርና ክኸውን ይኽእል'ዩ። ድሕሪ እቲ እንደልዮ ትርጕም ናይቲ ቃል ወይ ርድኢት ናይቲ ኣምር ምስ ረኺብና ደጊምና ነንብቦ። እቲ ሓሳብ ጽቡቕ ገይሩ ምስ ተረድኣና፡ እቲ ዝገበርናዮ ምልክት ንደምስሶ። ዝኾነ ከይተረድኣና ዝሰገርናዮ እንከሎ፡ ነዊሕ ከነንብብ ኣይንፈትን።

6. ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ እንረኽቦ ደሚቑ ዝተጻሕፈ እኩብ ቃላት (glossary) ተገዲስና ንርኣዮ። ኣብቲ ምዕራፍ ከይተረድኣና ክሓልፍ ዘይብሉ ሓሳብን ቃላትን ሒዙ ክጸንሓና እዩ። ኣብ እነንብበሉ እዋን ምርዳእ ዝኣበየና ቃላት ወይ ኣምራት ኣብቲ እኩብ ቃላት እንተ ሃልዩ ንመልከት። እንተ ዘየልዩ፡ ኣብ ርእሲኡ ንጽሓፎ። ካብቲ ዝተኣከበ ቃላትን ኣምራትን ዘይተረድኣና ንመምህርና ወይ ካልኦት ክሕግዙና ዝኽእሉ ብምሕታት ንፍለጦ።

7. እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ገይርና ክርድኣና እንተ ዘይክኢሉ፡ ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት ብቐደም ተኸተል ብምስዓብ ዝሓሸ ውጽኢት ክንረክብ ንኽእል ኢና፧

- ናብ ዝሓለፍናዮ ገጽ ብምምላስ ደጊምና ነንብቦ፣ ሰንሰለት ናይቲ ኣርእስቲ ንኽንርዳእ ክሕግዛና እዩ፣

- ድሒሩ ብዝሰፈሐ ተገሊጹ ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ናብቲ ዝቕጽል ገጽ ገንጺልና ንርአ፣

- ነቲ ዘይተረድኣና ኣምር ዝብርህ ኣብነታት ወይ ሕግታት ደጋጊምና ንጽሓፎን ነንብቦን፣

- እቲ ዘይተረድኣና ሓሳብ ዝሓዘት ሕጥበ ጽሑፍ ደጋጊምና ብዓውታ ነንብባ፣

- ኣብቲ መጽሓፍ ምርዳእ ዝኣበየና ኣብ ጥራዝና ብዝሓሸ ተገሊጹ ክህሉ ስለ ዝኽእል ጥራዝና ንወከስ፣

- ካልእ ናይ ቍጽሪ መጽሓፍ ንወከስ፣

- እቲ ዘይተረድኣና ኣነጺርና ፈሊና ብምሓዝ፡ ንመጻንዕትና ንሕተት፣

- እዚ ገይርና ምርዳእ እንተ ኣብዩና፡ ናብ መምህራና ብምኻድ ንሕተቶም።

8. ኣብ መወዳእታ እቲ ኣቐዲምና እንፈልጦ ምስዚ ሓድሽ ኣጣሚርና ንሕሰበሉ፣ እዚ ሓድሽ ዝፈለጥናዮ ኣብ ቍጽሪ እንታይ ኣሰጕምና ንገምግሞ። እዚ ብምግባር፡ ኣብ ቍጽሪ ዘሎና ሓይሊ ከነበርትዖ ንኽእል ኢና።

መም. ስቴላ መሓረና

### ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

#### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




### ዳእላ ተመሃሮ

*A teacher was teaching English concerning Tenses. While he was mentioning the parts of Present tense a student rised her hands.*

*Betiel: "Teacher!"*

*Teacher: "Yes!"*

*Betiel: "You said the 1st one is Simple Present and the 2nd is Present Continuous..."*

*Teacher: "Yes, I do!"*

*Betiel: "If we call the 1st one is Simple Present why don't we call the 2nd one 'Hard Present'!"*

ሜሪማና

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ልቢ ወለድ ናብ ተኽእሎታት ይጽጋዕ፣ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኰነን።"

- Mark Twain

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ሕርሻን መግብን

# ሮዚና መብራህቱ
# ተሸላሚት ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ
## ሓንቲ ካብ “100 ጀጋኑ ልምዓት ደቂኣንስትዮ ዓለም”

ስምኦን ሓጎስ

ወ/ሮ ሮዚና መብራህቱ ትብሃል። ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ‘መሳልሕ’ ኣብ እተባህለ ቦታ ኣብ ውሁድ ሕርሻ እትነጥፍ ኣብነታዊት ሓረስታይ እያ። እዛ ሓረስታይ፡ ሓንቲ ካብተን ‘100 ጀጋኑ ደቂ ኣንስትዮ’ ማለት፡ “FAO 100 Women Heroes 2026” ተባሂላ፡ ብዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን፡ ናብ ዓዲ ጥልያን ብምኻድ ትማል ተሸሊማ። ወ/ሮ ሮዚና ነዚ ዓወት ዝበቕዐት፡ ካብ 131 ሃገራት ካብ እተዋጽኣ 600 ኣብነታውያን ደቂ ኣንስትዮ ብምውድዳር እያ። ብመሰረት ካብ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ወ/ሮ ሮዚና ናብዚ ድሙቕ ዓወት ካብ ዝበቕዐትሉ ቀንዲ ረቛሒታት ሓደ፡ ጨዋምን ጎቦን ንዝነበረ ዘይሕረስ መሬት ብሓያል ጻዕሪ ናብ ልሙዕ ናይ ሕርሻ ባይታ ክትቅይሮ ብምኽኣላ እዩ። እዚ ድማ፡ ከባብያዊ ሓላፍነት፡ ዘላቒ ሕርሻ፡ ውሕስነት መግብን ምምሕያሽ መነባብሮን ብምርግጋጽ፡ ጽልዋኡ ኣብ ስርዓተ ሕርሻን መግብን ኣዝዩ ዓቢ ምዃኑ ብግብሪ ስለዘርኣየት እዩ። ጋዜጠኛና ብርሃነ ዓንደመስቀል ናብቲ ቦታ ከይዱ ናይ ዘካየዶ ዕላል ጽማቑ እነሆ።

* ወ/ሮ ሮዚና ብድሕሪ ባይታኺ ክንጅምር

ሮዚና መብራህቶም እብሃል። ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሸውዓተ ውሉዳትን እየ። ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ቐይሕ፡ ዓዲ 'ኣውሁነ' ተወሊደ ኣብኡ ዓብየ። ጓል 18 ዓመት ምስ ኰንኩ፡ ተመርዕየ ድማ ናብ ዓዲ ‘መሳልሕ’ መጺአ። ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ተኾንዳዕ፡ ኣብ ጥቓ ሩባ መሳልሕ ኣብ ዝርከብ ሕርሻ ድማ እነጥፍ ኣለኹ።

* ሕርሻ ብኸመይ ኢኺ ጀሚርክዮ፧

ፈለማ ክቡር ብዓል ቤተይ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ እናተረዳድአ፡ ይሰርሕን የፍርን ስለዝነበረ፡ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ኣፍልጦ ነይሩዎ እዩ። በዚ ድማ፡ ብሕርሻ ክንዕወት ከም እንኽእል እምነት ስለዝነበሮ ኢና ነዚ ስራሕ ጀሚርናዮ። ናብ ከባቢ ሩባ መሳልሕ ብምምጻእ ከኣ ኣሃዱ ኢልና ክነልምዕ ጀሚርና። እዚ ቦታ'ዚ ኣዝዩ ጨዋም ስለ ዝነበረ፡ ሰባት፡ “ግደፉ፡ ንኸንቱ ኣይትድከሙ፣ ኣይኰነን ጥዑይ እኽሊ እንጣጢዕ እኳ ክበቑሎ ርኢና ኣይንፈልጥን። ንኽሳራ ኣይትህለኹ” ይብሉና ነይሮም። ኣብቲ ፈለማ፡ ከምቲ ዝበልዎ ኣተባባዒ ኣይነበረን። ዝዘራእካዮ ጽቡቕ ኣይበቑልን፡ እንተበቚለ'ውን ብእግሩ ይሓርር ነይሩ። ብብዙሕ ጻዕሪ ተቐዪሩ ጽቡቕ ክፍሪ ምስ ጀመረ ግን፡ ኩሎም ተገሪሞምን ተደኒቖምን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ ግን፡ ቅድሚ 12 ዓመት ብዓል ቤተይ ስለዝዓረፈ ምስ ደቀይ ኰይነ'የ ክቕጽሎ ወሲነ። እንሆ ድማ ክሳብ ኣብዚ ደረጃ በጺሕና ንርከብ።

* ብዘይ ብዓል ቤትኪ ድኣ'ሞ ከመይ ቀጺልክዮ፧

ተስፋ ዝብሃል ኣይቈረጽኩን። እዛ ቦታ'ዚኣ፡ ደቀይ ከዕብየላ ኣለኒ ብምባል ስነይ ነኺሰ። ዓደይን ገዛይን ገዲፈ ድማ ጠቕሊለ ኣብዚ ኮፍ ብምባል፡ ምስ ደቀይ እናተረዳዳእና ቀጺለዮ። ክብድ ኣብ ዝበለና ግዜ፡ ሽቃሎ እናቖጸርኩ'የ ዝሓለፍ። ድኹዒ፡ ሓመድን ሑጻን ዝጸግብ ቦታ ስለይኰነ፡ ምስ ደቀይ ብጉልበትን ብኣእዱግን እናጓረትና ብቐጻሊ ኢና ንውስኽሉ። ብኸምዚ ኸኣ፡ ንኹሉ ነገር እናገጠምና ቀጺልና።

* ነዚ ቦታ ብኸመይ ካብ ጨዋም ናብ ለሰ ቀዪርኩሞ፧

ነዚ ቦታ ናብ ለሰ ንምቕያር፡ ምስ ደቀይ ኰይንና ካብ ካልእ ቦታ ሑጻ፡ ሓመድን ድኹዕን እናጓረትና፡ ብዘይዕረፍቲ ንዓሰርተ ዓመታት ኢና ጽዒርና። ምኽንያቱ፡ ንሕርሻ ዘይጥዕም ጎቦ፡ ሑጻን ጨው ዝተፍእን እዩ ነይሩ።

እንስሳታት ጨው ዝልሕሳሉ እምበር ዝሕረስ ኣይነበረን። ዝኾነ ዘሪእናዮ'ውን ይቕበሎ ኣይነበረን። ሑጻ፡ ናይ ዲጋ ሓመድን ድኹዕን እናወሰኽና ምስ ከድና ግን ክፈኵስን ክሕረሰልናን ጀሚሩ። እናሓረስናን እዞም ዝጠቐስናዮም እናወሰኽናን ብዙሕ ኢና ተቓሊስናዮ። ኣእዱግ እናለመንና፡ ቀጻሊ ንጓርት ነይርና። ደጋጊምና ድሕሪ ምሕራስ ክንዘርእ ከለና ኸኣ ኣብ እግሪ ናይቲ ዘርኢ ሑጻ ብምውሳኽ ብስልኳ ማይ ነስትዮ። ኣዝዩ ከቢድ ድኻምን ነዊሕ ትጽቢትን'ዩ ሓሊፉ። ተስፋ ስለዘይቈረጽኩ ግን፡ እንሆ መወዳእታኡ ሳላ ደቀይ ተዓዊተ።

* እንታይ ኢኺ ተልምዲ ዘለኺ፧

እዚ ቦታ ስፍሓቱ ክልተ ሄክታር እዩ። ዝበዝሕ ድንሽ'የ ዝዘርእ። ንሱ ምስ ኣተወ ድማ፡ መለሳ ምእንቲ ክኸውን ኢለ ዓተር እዘርእ። ሓሰር ናይቲ ዓተር ድኹዒ መታን ክኸውን፡ ኣብኡ ከሎ ኢና ንሓርሶ። ጽቡቕ ለውጢ ድማ የምጽኣልና። ድሕሪኡ ዕፉንን ስርናይን እናቐያየርኩ ይዘርእ። ምቅይያር ዘራእቲ፡ ናቱ ረብሓ ከምዘለዎ እዩ ዝርድኣኒ።

* ዘርኢ ድንሽ ካበይ ትረኽቢ፧ እቶታውነቱኸ፧

ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ እየ ዝወስድ። ንዕኡ ዝኸውን ድሉው ቦታ ኣዳልየ ብምጽናሕ ከኣ፡ ድኹዕን ሑጻን ወሲኽና ንዘርኦ። ኣምላኽ ይመስገን ድማ ጽቡቕ እቶት እረክብ ኣለኹ። 20 ኵንታል ድንሽ ዘሪአ፡ 280 ኵንታል ረኺበ ኣለኹ።

* ብ2022 ኣብ እተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ድንሽ፡ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ኣፍረይቲ ዘርኢ ድንሽ ተባሂልኪ ተሸሊምኪ ምንባርኪ ይፍለጥ። ብዛዕባ'ዚ እንታይ ትብልና፧

ግደ ሓቂ ኣይተጸበኹዎን። ማዕረ ክንድኡ ብኽብሪ ምጽውዐይ ግን፡ ኣዝየ እየ ተሓጒሰ።

* ኣብ ካልእ ንጥፈታት ሕርሻኸ ትነጥፊዶ፧



እወ፣ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝሃበኒ ሓንቲ ናይ ጸባ ላም ተበጊሰ፡ ኣብዚ እዋን ናብ ከባቢ 60 ኣሰሲነየን ኣለኹ። ኣብዑር'ውን ኣለዉኒ። ኣብ ልምዓት ጌሶ ኸኣ ጽቡቕ እነጥፍ ኣለኹ።

እንታይ ዓይነት ድኹዕን ጸረ ባልዕን ትጥቀሚ፧

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ባዕለይ ዘፍረኹዎ ባህርያዊ ድኹዒ እየ ዝጥቀም። ቀጽለ-መጽሊ ይኹን ዒባ ከብቲ ኣብ ሓደ ጉድጓድ እእክቦ'ሞ፡ ብዝግባእ ንኽበላላዕ ማይ ወሲኸ ንኣዋርሕ እዕብዕቦ። ብድሕሪኡ ናብ ግራተይ እንስንሶ። ቀጻሊ ብኸምዚ እየ ዝጥቀም። ዘተባብዕ ጽቡቕ ውጽኢት ከኣ ይህበኒ። ብዛዕባ ጸረ ባልዕ እንተኾነ'ውን ቀመማዊ ድኹዒ ኣይጥቀምን'የ። ካብ እንዳ ሕርሻ ከይደ ብምሕታት፡ ንሳቶም ዘማኽሩኒ ባህርያዊ ድኹዒ'የ ዝጥቀም።

ናይ መጻኢ መደባትኪ እንታይ እዩ፧

ካብዚ ዘሎ ንላዕሊ ከፍሪ ተስፋ እገብር። ተወሳኺ ጉልበት ስለ ዘድሊ፡ ሰራሕተኛታት ክውስኽ እሓስብ። ብዓቢኡ ፍርያተይ ናብ ዕዳጋ ንምብጻሕ ናይ መጓዓዝያ ጸገም ስለዘሎ፡ ነዚ ዝኸውን ፍታሕ'ውን ከናዲ ኣለኒ። ናይ ነዳዲ ሕጽረት ንምፍታሕ ከኣ፡ ዓቕመይ ዘፍቅዶ ሶላር ክገብር እሓስብ። ናብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ፡ ካብ ጎነይ ከይተፈልየ ብዙሕ ሓገዝ ንዝገብረለይ ዘሎ ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ ካብ ልቢ ኣመስግን።

የቐንየልና ወ/ሮ ሮዚና፡ ንሕና'ውን ኣብ ስራሕኺ ዓወት ንምነየልኪ።



## መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

### መኣዛዊ ትሕዝቶን ጥቕምን ድንሽ

ድንሽ ሓደ ካብቶም ልዑል ትሕዝቶ መኣዛታት ዘሎዎም ፍቱዋት ዓይነታት መግቢ ህዝቢ ዓለም እዩ። ብትሕዝቶ ካርቦሃይድሬት ካብ ዓይነታት ኣሕምልቲ ዝለዓለ ኮይኑ ከምኡ ድማ ዝተፈላለየ ዓይነት ማዕድናት ከም ፖታሽዩም፡ ካልስዩምን ፎስፎረስን ካልእን ዝኣመሰሉ ሃብታም ትሕዝቶ ኣሎዎም። ድንሽ መግቢ ንወዲ ሰብን እንስሳን ከምኡ'ውን ንኢንዱስትሪ ከም ጥረ ነገር ናይ ኣልኮልን ሽኮርን ወዘተ የገልግል።

ንገለ ካብ ረብሓታት ምፍራይ ድንሽ ምስ እንርኢ

1. ካብ ሓደ ሄክታር ልዑል ምህርቲ ይህብ
2. ኣኽሳብን ልዑል ዕዳጋን ኣለዎ
3. ስትራተጅያዊ ተኽሊ ንምቅላል ጥሜት
4. ምንጪ መግቢ ሰብን ጥሪትን
5. ቀንዲ ምንጪ ጥረ ነገር ንኢንዱስትሪ መፍረ ስታርችን ኣልኮልን

ክንክንን ምሕደራን ድንሽ

መወከሲ መጽሓፍ ንሓረስቶት (2019)



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ፋጥማ እስማዒል   ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ ሓበን ገብረኣምላኽ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከኔዲ ዘሙሉ ሰመረ፡ ኣደይ ነፍ/ደመቀሽ ጉብረጻድቕ ጉብረኪዳን ስለዘዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓንቲ ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ክረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ርእሶም ብርሃ ተስፋይ፡ ምባል ተረፉ፡ ርእሶም ብርሃ ተስፈያናስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ተወልደ ተኽለ ጉብረገየርጊስ፡ ኣቦይ ተኽለ ጉብረገየርግስ ሃብተየናስ ስለዘዋረረ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

ከሳሲ ያፊት ኣብርሃም ግርማይ፡ ተኸሰስቲ 1. ምሕረት ተኾመ ሃይለ 2. ናሆም ኣብርሃም ግርማይ 3. ናኦድ ኣብርሃም ግርማይ፡ ወከል ምሕረት ተኾመ ሃይለ 4. የርኣቤል ኣብርሃም ግርማይ ቁ.2 ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋበኢያ ቁ.38 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንሕብር።

ነጋ ተድላ ጉብሩ፡ ብዓል ቤተይ ሜሪ ተስፋይ ተድላ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን06/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ጽገወይኒ ሰርጹ ጉብረታትዮስ ምባል ተረፉ፡ ጽገዝና ሰርጹ ጉብረታትዮስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኑብያት ሰዩም ጉብረማርያም፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ መሓሪ ዑቕባዝጊ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ፡ 5 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀሺ ሰመረ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦና ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረታትዮስ ስለዘዋረረ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጺጋ ወልዱ ስብሃቱ፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ተኽለ ዑቕባጊዮርጊሽ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ደርጋኣለም ዘርኣይ ሰንጋል፡ ወለድና ዘርኣይ ሰንጋል ኣዲግን ህድኣት ጉብረገርግሽ መብራህቱን ስለዘዋረሩ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻኣንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሃንሱ ሰዩም ተኽለ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋዝጊ ዓንደብሃን ካሕሳይ ስለዘዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ምጽብ ሃይለ ብርሃመስቀል፡ ወድና ተስፋት ምጽብ ሃይለ ስለዝተሰውኣ፡ ውላድ ይኹን ሓዳር ስለ ዘይብሉ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስምረት ሊላይ ተስፋጊዮርጊስ ምባል ተረፉ፡ ኣስመረት ኣላይ ተስፋጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ጎይቶኦም ንጉሰ፡ ብዓል ቤተይ ማና ኣበበ ጉብረማርያም ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድ ሳልሕ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ ሳልሕ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና ኣደም ሕመድ፡ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና ኣደም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ መሓመድኑር ዑስማን ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ መሓመድኑር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

መሓመድኑር እድሪስ ንጉሰ ምባል ተረፉ፡ መሓመድኑር እድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እብራሂም ማሕመድ ዑመር ምባል ተረፉ፡ እብራሂም ማሕመድ ዳፍእ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዑመር መሓመድ ዑስማን መሓመድ ዑመር ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዑስማን መሓመድዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ብርሃ ጺጋይ ተኽለ፡ ኣደይ ዘውዲ ኣርኣያ ሃይሉ ስለዘዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣቶ ሃብትኣብ ተስፋይ ገ/ማርያም፡ ወለደይ ተስፋይ ገ/ማርያም ገ/መስቀልን ኣዜብ ባሀታ ንግሩን ስለዘዋረሩ፡ 3 ሀሉዋት 2 ስውኣት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ሳልሕ ጀምዕ ምባል ተረፉ፡ መሓምድ ሳልሕ ጀምዕኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓሻ ዓሊ ኣብርሂም ምባል ተረፉ፡ ዓሻ እድሪስ ደርሆይ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምለሰት መሓመድ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ ኣሰላ ዑስማን ጨርሞ፡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሻ መሓመድ ዓሊ፡ ምባል ተረፉ፡ ኸሻ መ/ድዓሊ ኸሻ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ስጋ ኩቡቲ

ዓዳጊ፦ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ-ደቀምሓረ

ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ስጋ ኩቡቲ

ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ-ደቀምሓረ ንዓመተ 2027 ካብ 01 ጥሪ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ስጋ ኩቡቲ ክምግርት ስለ ዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ-ደቀምሓረ ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ዝውዕል ስጋ ኩቡቲ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ማብቆላዊ ሰነዳት የርእዩ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን ናይ ዓመተ 2026 ክሊራንስን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሸውዓተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ክሳብ ሰዓት 09፡45 ቅ/ቀትሪ ክበጽሕ ኣለዎ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቶን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብ፡ ስ ብርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
6. መኽበሪ ጨረታ ንኸፍሲ ወከፍ ዝመረጽዎ ዓይነት ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ።
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ሚኒስትሪ ፋይናንስ ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቴሌፎን 200593/123749



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ለዋህን ፈቃርን ኣዴና ወ/ሮ ለተጻዮን ተስፋይ መንደር፡ ብዓልቲ ቤቶም ንፍ/ጉብረገርጊስ ጉብረትንሳኤ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝተመላለስኩም፡ ድሕሪ ዕረፍታ ድማ ክሳብ ሃዜጋ ን/ዞባ በሪኽ መጺእኩም ዝቃበርኩምናን ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ኣቡናትን ካህናትን ኣቦላት ቤተሰብን ፈተውትን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስ ናይ ምስጋና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ።

ደቃን ደቂ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን።



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ መሓሪ ወልዳይ ፍረ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሓጺር ናይ ሕማም ግዜኡ ዘበጻሕኩሞን ምስ ዓረፈ ክሳብ ሸማንጉስ ታሕታይ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ብፍላይ ሰራሕተኛታት ቢሻ፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጸገሬዳ ጎይትኦም
ምስ ደቁን ምስ ምሉኣት ስድራ ቤትን።



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣፍቅሮ ወድና ኣንገሶም ተስፋሚካኤል ፍስሃዬ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ጀርመን ኣብ ምልኣኽ ሬሳ ብፋይናንስን ብኣካልን ዝተሓጋገዝኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ክሳብ መቓብር ን/ዞ ሰረጀቓ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ኣሕዋትን ፈተውቲን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ሓፍቱ ምብራቕ ተስፋሚካኤል ምስ ኩሎም ኣሕዋታን
ብዓልቲ ቤቱ ምስ ደቆምን ምሉኣትን ስድራቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ኣቶ ተስፋይ ተክኤ ሙሳዝጊ (ሰራሕተኛ ሚኒስትሪ ዜና ነበር) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ጉራዕ ዘቃበርኩምና፡ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ወሽጥን ካብ ደገን ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብ፡ ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዋጸና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዝማም እስቲፋኖስ
ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**
**Junior Planning and Scheduling Engineer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

Assist Project Planner with the development and maintenance of comprehensive project plans, schedules, and budgets, ensuring projects are completed on time and within scope. The main aim of the junior planner is to shadow and work with the Project Planner in order to receive hand-on training and transfer of knowledge to one day take over from the expat in the project planning role.

**Develop Project Plans and Schedules:**

- Collaborate with Project Planner to document project goals, scope, timelines, and deliverables.
- Assist the Project Planner with creating detailed project schedules using tools like MS Project and Primavera.
- Assist the Project Planner to develop realistic deadlines, milestones, and timelines to ensure timely completion.
- Prepare schedule extracts focusing on individuals' scope of works.
- Read drawings to identify activities required in schedules.
- Develop and learn planning skills from the Project Planner.
- Plan your own development goals, schedule and track your own development progress as a KPI.

**Monitor and Track Progress:**

- Assist the Project Planner with regular updates of the project schedules and progress reports to track project performance against set goals.
- Learn from the Project planner to identify potential delays or issues and propose corrective actions to minimize risks to the timeline.
- Sit in on project meetings to understand alignment with project plans and team responsibilities.

**Resource Management:**

- Assist the Project Planner in the understanding of the allocation of resources effectively (labor, equipment, and materials) to meet project objectives.
- Monitor resource utilization and support the Project Planner with adjustments as needed to optimize project execution.

**Risk Management:**

- Identify potential risks and issues that could affect project timelines and deliverables and report them to the Project Planner so it can be assessed.
- Support the Project Planner with the development and implementation of mitigation plans to reduce risks and address challenges as they arise.

**Communication:**

- Support the Project Planner so he may effectively act as a liaison between project teams, clients, contractors, and stakeholders.
- Provide regular updates to Project Planner and sit in in meetings with Project Manager, senior management, stakeholders, and project teams on project status, timeline adjustments, and potential issues.
- Assist with the setting up of meetings so the Project Planner can facilitate meetings to ensure team members are aligned to priorities and timelines.

**Documentation and Reporting:**

- Prepare and maintain detailed project documentation, including schedules, status reports, change logs, and meeting minutes. This documentation will be reviewed by the Project Planner and then distributed to the necessary stakeholders.
- Ensure all project records are up-to-date and stored appropriately for future reference.

**Budget and Cost Control:**

- Assist in budget planning and cost estimation.
- Monitor project expenditures to ensure they are within budget and recommend adjustments where necessary.
- Provide feedback to the Project Planner of any irregularities or concerns.

**Quality Assurance:**

- Ensure the project plan incorporates quality assurance activities to ensure the final product meets project standards and client expectations.
- Conduct QA walks with the Project Planner to assess the actual status during construction.

**Post-Project Review:**

- Conduct post-project evaluations to assess what went well and identify areas for improvement in future projects.
- Provide input for project planning processes for continual improvement.

CONTINUED TO PAGE 8

---

ኣነ ወ/ሮ ሃና ኣስፍሃ ቀላቲ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ዓዲ መርሓኖ፤ ፕሎት ቁ/13 ፓርሰል ዞን"O" ፓርሰል "T" ብመለለዪ ንብረት ምምሕዳር ASD00045787 ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ደማ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRGNF011656/0 ብስመይ ዝተመዝገበ፡ እቲ ገዛ ናብ ኣቶ ኣብርሃም ገብሩ ሃብተማርያም ስለ ዝሸጥኩዎ'ሞ ናብ ዓዲጋይ ከሲግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘዘዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሃና ኣስፍሃ ቀላቲ

---

ብመሰረት ብዕለት 05/10/2026 ዓ/ም ዝበርናዮ ዘይስሩዕ ኣኼባ መሰረት ብምግባርኩብ ምሉኣት ኣባላት እዚ ማሕበር ዝተረኽብሉ ዝተዋህበ ድምጺ ውሳኔ፡ ስም እዚ ትካል "ገሊላ ሓ.ዝ.ብ.ማ/ GELILA PLC" ዝበረ ናብ "ፋድል ሓ.ዝ.ብ.ማ FADL PLC" ክቕየር ብምሉእ ድምጺ ውሳነ ኣሕሊፍና ኣለና።

ገሊላ ሓ.ዝ.ብ.ማ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 7

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • BSc in Civil Engineering, Mechanical Engineering, Electrical Engineering or Construction Management. |
| Working Experience – Nature & Length | • A minimum of 5 years' experience in project planning out of which at least 1 year must have been on a mining project.<br>• Must have a basic working knowledge in MS Project or P6. |
| Technical Skills | • Ability to manage one's own activities<br>• Ability to prepare and deliver oral and written presentations for study and project reports.<br>• Excellent communication, interpersonal and presentation skills. |
| Other Skills and Abilities | • Time management skill, ethical and professional attitude<br>• Familiarity working in a multi discipline teams<br>• Interpersonal skills and adaptability to work with people of different cultures<br>• Basic project management knowledge.<br>• Basic construction knowledge.<br>• Willingness to learn.<br>• High level of initiative<br>• Knowledge of safety protocols and environmental regulations within industrial project sites.<br>• Physical Requirements<br>• Willingness to work on-site, sometimes in challenging environmental conditions.<br>• Ability to stand, walk, and inspect installations across the project site for extended periods. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** definite Period two years
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to:**
**Asmara Mining Share Company,**
**P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**

**Applicants shall be required to send a copy to:**
**Mineral Resources Management**
**P.O. Box – 272**
**Asmara**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

---

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

የናስ ተወልደ ይሕደጎ ወደይ ኣልናታን ተወልደ ይሕደጎ ስለዘዘሰውሉ ኣዳኡን ኣቡኡን ጥራይ ወረስቱ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲ ሰየ መተሓን ተስፋጊዮርጊስ ወኪል ርቤል ወልደኣብ፡ ተኸሳሲ ፍጹም መንግስትኣብ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋብእያ ቁ.32 ቅረብ።

ብፍ/ብ/መሰል ኣቶ የናስ ወልደገርጊስ ጉብረመድህኑ ብፍ/ብ/ዕዳ ኤፍሬም የውሃንስ ደባሱ ንፈጸሚ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳንድራ ኣብራሃም ጉብረልኣል ምግቢ ተረፉ፡ መዋእል ኣብራሃም ጉብረልኣል ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣትክልቲ ነጋሲ ክ/ሚካኤል ምግቢ ተረፉ፡ ፍትሓዊት ነጋሲ ክ/ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ዘቢብ ጉብረመድህን ባህረ፡ ተኸሳሲ ተስፋኣለም ኣርኣያ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ኣብርሀት ቀሊታ ጉብሩ፡ ብወኪላ የናስ ፍቓዱ ታፍላ፡ ወደይ ፍቓዱ ታፍላ ስለዝዋረረ፡ ምስ ኣቡኡ ፍቓዱ ታፍላ ወልዱ፡ ወረስቲ ስለ ዝኾኑ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣማኒኤል ፍስሃ ተኽለሚካኤል ምግቢ ተረፉ፡ ዓብሰል ፍስሃ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያፌት ሰለሙን ምግቢ ተረፉ፡ ሙልጌታ ፍስሃጼን ሰለሙን ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዞርያስ ሃብተ ወልዳይ ምግቢ ተረፉ፡ ቢንያም ሃብተ ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋጉብርኤል ጉብረእግዚኣብሄር ምግቢ ተረፉ፡ ሄኖክ ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምቐት ተኽለወይኒ ተስፉ ምግቢ ተረፉ፡ ኣላይት ተኽለወይኒ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወይኒ ኢሳቅ ጉብረሚካኤል፡ ብዋል ቤተይ የማ መተሳ ጉብረመድህን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ መሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ካሕሳ ስልጣን ጉብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ካሓሰ ተከኤ ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳዕድያ መሐመድዐሰማን ሀብቴስ ምግቢ ተረፉ፡ ሳዕድያ ዐሰማን ሀብተስ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሕሙድ መሐምድ ዐሰማን ምግቢ ተረፉ፡ ማሕሙድ መሐምድ ዐሰማን እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሐምድ ሙሳ ሰዒድ ምግቢ ተረፉ፡ ኣሕመድ ሙሳ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ማሓመድ ኣደም እድሪስ፡ ስም ኣደይ ዓሻ ዓሊ ኢብራሂም ምግቢ ተረፉ፡ ዓሻ ኢድሪስ ዶርወይ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምቅርቲ ሚኤል ኪዳነ ምግቢ ተረፉ፡ ሜሪ ሚክኤል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ 9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና ኣሕመድ መሐመድ ምግቢ ተረፉ፡ ሐሊማ ሐምድ መሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

እህኣም ፈይሰል ምግቢ ተረፉ፡ ከዲጃ ፈይሰል ተባሂሉ ይተኣረመሉይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ 9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ህያብ ጥምቀተይ

## ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

እታ ቡን እተፍልሕ ዝነበረት ወላዲቱ፡ በቲ ሕቶ ተገረመት። ነቦኡ ቀዲማቶ ድማ፡ “ዝበዝሓ እተን ደቀንስትዮ እኳ ሽኮር ሒዘን እየን መጺኣን፣ ዝበዝሐ እቲ ሽኮር ሸዑ ሃሊኹ፣ ዝተረፈ ድማ መባጽሒ ገይረዮ። ሳንዳይ መኣዛን ገርግሽ ሓፍተይን ክዳን ጥምቀት ከዲነናኻ ነይረን፣ ክሳዕ ወዲ ሓደ ዓመት ተኸዲንካዮ፡ ብድሕሪኡ ከኣ ሳሮን ሓፍትኻ ተቐቢላትካ። ካልእ እስከ ክዝክር..፣” ኢላ ዝን በለት።

ኣቶ ተስፋይ፡ ገና ከይተዛረበት ከላ፡ “ሰብኡት ከኣ ዝበዝሑ ኣረቒ ሒዞም እዮም መጺኦም፡” ብምባል ዘረባኡ ጀመረ።

ኣባኖብ ነቦኡ ኰልፍ ኣቢሉ፡ “ኣረቂ! እዚኦምስ ንኣይ ጽቡቕ ኣይተመነዩለይን። ንሕጻንከ ኣረቂ እንታይ ክዓብሰሉ እዩ ኣረቂ ዘምጽኡሉ፧” በሎ።



“ኣንታ ቈልዓ! እቲ ኣረቂ ንኣይ ኣጋይሽ ንመቐበሊ እዩም ኣምጺኦሞ፡ እምበር ንኣኻ ኢሎም ኣይኮኑን፡” ኣቦኡ ሓውሲ ዓው ኢሉ ገሰጾ።

“ኣንታ ባባ! እቲ ጥምቀት ናተይ እንድዩ ናትካ መኣስ ኮይኑ፧ ንኣይ ዝጠቅም ድማ ከምጽኡ ነይሩዎም። ብዘኾነ ካልእ እንታይን እንታይን ነይሩ፧” በለ ብሓውሲ ምስልካይ።

ኣቦ ኣባኖብ፡ “ግርማይ ዓርከይ ኣቦ ሰላማዊ ዓርክኻ፡ ክዳን ኣምጺኡልካ፡ ካልእ ፍልይ ዝበለ እስኪ...፣” ቀኑብ ድሕሪ ምሕሳብ፡ “እወ ...ወ ...መምህር ተኽላይ፡ ዶክቶር ሳባ፡ ከምኡ’ውን ካፕተን ዳዊት ነፍሲ ወከፎም ሓሓደ መጽሓፍ ኣምጺኦምልካ። እተን መጻሕፍቲ ኣበይከ ኣለዋ፧” በለ ንሰበይቱ እናጠመተ።

ኣደ ኣባኖብ፡ ቅልጥፍ ኢላ፡ “ኣንታ እወ ሓቅኻ፡ ሸዑ ኣብ ሳንዱቕ ምስ ኣቐመጥኩወን መንከ ዘኪሩወን፧” ኢላ ብምትንሳእ ነቲ ብፍስሃን ብምሉእ ተስፋን ዝጸበያ ዝነበረ ውሉዳ ሰለስተ መጻሕፍቲ ኣቐበለቶ። ኣባኖብ ብሓጎስ ክፍንጫሕ ደለየ። ነተን መጻሕፍቲ ከኣ ብፍቕሪ ሕቝፍ ኣበለን።

“ባባ እዚኦም ጥራይ እዮም ኣብ ጥምቀተይ ውዒሎም። ነዘን መጻሕፍቲ ድማ ንዘልኣለም ክቕምጠን እየ። ኣብ ውሽጠን ዘሎ ዛንታታት’ውን ኣይክርስዖን እየ። እዚኣን እየን ህያብ ጥምቀተይ! መጻኢየይ ብንባብ ከማእዝን ዝተመነዩለይ እዮም። ለባማት ሰባት ስለ ዝኾኑ ከኣ ንሰለስቲኦም ብደብዳበ ከመስግኖም እየ፡” በለ ብሓጎስ።

ተስፋይ፡ ብሓሳባት ናይ ወዱ ኣዝዩ ተገረመ። ሰራሑ ኣቋሪጹ ብምትንሳእ ንወዱ ሕቝፍ ኣበሎ እሞ፡

“ኣባኖብ ወደይ! ሎሚ ዓቢ ትምህርቲ ኢኻ ኣቕሲምካኒ። ድሕሪ ሕጂ ናብ ዝኸዶ ጥምቀት፡ ኑቶም ወለዱ ዝገብሩዎ ድግስ ዝጠቅም ዘይኮነስ፡ ነቲ ሕጻን ዝጠቕሙዎ ነገራት ሒዘ ንክኸይድ ቃል ይኣትወልካ!” በሎ።

እቶም ደው ኢሎም ክዕዘቡ ዝጸንሑ ኣዕሩኽ ኣባኖብ፡ ብሕብሪ ገበር ናይተን መጻሕፍቲ እናተመሰጡ፡

“ኣቢ ትዕሻልካ! ክጽብቓ እዘን መጻሕፍቲ፡ እስኪ እርእየና፡ ዋው! እዚኣ እናዘናግዐ ዝምህሩ ዛንታታት ዝሓዘት መጽሓፍ እያ፡” ነታ ሓንቲ ቀዲሙ ብምሓዝ ከንብብ ዝጀመረ እስማዒል ከዋዕውዕ ጀመረ።

“እዚኣ ከኣ ሓጸርቲ ዛንታታት ዝሓዘት መጽሓፍ እያ፡” ወሰኸ ሰላማዊ።

ኣባኖብ ትሕዝቶ ናይታ ኣብ ኢዱ ዝተረፈት ሳልሰይቲ መጽሓፍ ንምርኣይ ኣዒንቱ ለኣኸ እሞ፡ “እዚኣ ናይ ጥዕና ምኽሪ ዘሎዋ መጽሓፍ እያ። ዓሸ ኣንቡብ ክቕንየን እየ። ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ ጽቡቕ ክቕምጠን እየ። ንደቀይ ከይተረፈ ክጸንሓኦም እየን፣ ንውሉድ ወለዶ ዘይጠፍኣ ህያባት! ሓቀይ እንድየ፧” በሎም። ክልቲኣቶም ኣዕሩኹቱ ከኣ ብእወንታ ርእሶም ነቕነቑሉ።

ቀጺሎም ናብ እንዳ ሰላማዊ ገዛ ምስ ከዱ። ኣብቲ ናይ እንዳ ኣባኖብ ዘይፍለ ብዙሕ ኣይጸንሖምን። ከምቲ ኣብ እንዳ ኣባኖብ መጻሕፍቲ ዝረኸቡ፡ ኣብ እንዳ ሰላማዊ መጽሓፍ ኣይነበረን። ሰላማዊ ከኣ ክቐንእ ጀመረ።

ኣባኖብ፡ “ኣጆኻ እዚ ዓርከይ! እዘን ናተይ መጻሕፍቲ ክልተና ክነንብበን ኢና፡” በሎ እናሰሓቐ። እስማዒል’ውን፡ “ኣነ ከማን ሓተ ነዊት እግልህበካቱ፡” በሎ።

“ቃል ቃል እያ። ኣቢ ሓንቲ መጽሓፍ፡ እስማዒል ከኣ ሓንቲ መሓስእ ክትህቡኒ ቃል ኣቲኹም ኣለኹም ኣይገድፈኩምን እየ፡” በሎም እናሰሓቐ። በዚ ከኣ እናሰሓቑ፡ ቍርሲ ናብ ምብላዕ ተዳለዉ።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ እዛ ዛንታ ምስ ኣንቢብኩማ ምስ ወለድኹም ተዘራረቡላ። ካብዛ ዛንታ እንታይ ከም ዝተመሃርኩም ድማ ምስ ኣዕሩኽትኹም ዘትዩ።

* * *

መም/ ዕቑባይ ተስፋዝጊ

ኢ.መ.ስ.ቋ.ኤ - እምባትካላ

# ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ሓግዙኒ እቤ



## ምኽሪ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ዛዚምና ድሮ ትምህርቲ ጀሚርና ኣለና። ኣብዛ ዓመት እዚኣ፡ ዕዉታት ንኽትኮኑ፡ ሓንቲ ምኽሪ ክልግሰልኩም እየ። እታ ምኽረይ ድማ ግዜኹም ብግቡእ ተጠቐሙ እየ ክብለኩም ዝደሊ። ኣነ ዓሚ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ካልኣይ ተርታ ወጺአ ነይረ። ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ድማ ደሓን ኣለኹ እናበልኩ፡ ብልጫ ከም ዘወስድ ርግጸኛ ኮይነ ናብ ምዕጻው ቤት ትምህርቲ ከድኩ። እንተ ኾነ ግና ብልጫ ክወስድ ኣይከኣልኩን። ምኽንያቱ፡ ግዜይ ብግቡእ ስለ ዘይተጠቐምኩሉ ተቐዲመ ነበርኩ። ሕጂ ካብ ጌጋይ ተማሂረ፡ ኣብዛ ዓመት እዚኣ፡ ዓሚ ዘምለጠትኒ ብልጫ ንኽወስድ ምድላዋት ኣጻፊፈ ኣለኹ። ስለዚ፡ ኣብ ትምህርቲ ክንዕወት ግዜና ብግቡእ ንጠቐመሉ ክብለኩም እደሊ።

ተመሃራይ ሃኒባል፡ ካብ ኣስመራ

# መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት ስርሑ

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ሕ | ል | ና | | ሕ | ማ | ም | |
| ሉ | | በ | ለ | ስ | | ሳ | ዋ |
| ፍ | ሉ | ይ | | ረ | ሳ | ሕ | |
| | ኪ | | ሕ | ት | ም | | ፈ |
| ዕ | ም | ሪ | | | ና | ሕ | ሲ |
| ጕ | ያ | | ሕ | ጸ | | ሉ | |
| ግ | | ኣ | ቶ | | ስ | ም | ዒ |

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ንርስቲ ይዋግኣላ ኣንስቲ

ሚርያም ዮሴፍ

ኣብ ባህልን ታሪኽን ኤርትራ፣ ንመኽተን ጽንዓትን ሕብረተሰብና ዘኹልሕ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ብዙሓት ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ካብ ዘጥረዮ ሓያል ባህሊ፣ እቲ ኣብ ነዊሕ እዋን ዝተጠርየ፣ ምስ ግዜ ደማ ቀንዲ መለለዩ ሕብረተሰብ ኤርትራ እናኾነ ዝመጸ፣ ናይ መኸተ ባህሊ እዩ። ኣንጻር መግዛእቲ መሬቱን ባህሉን ኣብ ገምዚሉ ዝገጥሞ ዝነበረ ወራራት፡ ኅበጣ፡ መግዛእቲን ካልእን ክገጥም፡ ክገጥም ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኻት ዋጋ ብምኽፋል ንመጻኢ ጉዕዞኡ ዝጠቅም ምህሮታት እናቐሰመ ዝመጸ ሕብረተሰብ እዩ። እዚ ደማ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ንዝበራት ብዮኻሊ ከኸፍዞ፡ ክጸንዕ፡ ኣብ ዝወፈረሎም መድረኻት ድማ ዓወት ከም ዝኸናጽፍ ዝገበረ መለለዩ ህዝብና እዩ።

ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ መኽተን ጽንዓትን ተራ መግለጺታት ኣይኮኑን፤ መለለዩና፡ መንነትና፡ መሰረት ህላወናን እየም። እዚ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ናይ ዘይተንበርከኸነት መንፈስ፡ ካብቲ ዝተሓላለኸ መድረኻት ቃልሲ ንናጽነት ጀሚሩ ክሳብ ኣብ መድረኽ ህንጸት ሃገር፡ ዝተወርሰ ክቡር ባህሊ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብጽንዓቱን ሓያል ናይ መኸተ ወኑን እዩ ዝልለ ክብሃል ከሎ፡ እምበኣር፡ ብዙይ እተን ዓንዲ ሕቖ መኸተና ዝኾና ኤርትራውያን ኣደታት ክዉን ኣይምኾነን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ኣብ ዘመናት ዘጥረዮ ናይ መኸተ ብቕዓት፡ ኣካሉን ዓቕብዙን ዝኾና ኣደታት ኤርትራ ደማ ብሓያል ናይ መኸተ መንፈሰን ዝልለያ ኣደታት እየን።

ንባህሊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ፡ ብርክት ዝበሉ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ተጻሒፎም እየም። ዋላ እኳ ደቂ ኣንስትዮ ዝኸሪዓአ ዝበራ እምብታ ብዘይኣቶ ዝገልጽ ኣይኹኑ እየም ካብ ነዊሕ እዋናት ብኣፋዊ ያታታት ክሰጋገሩ ዝጸንሑ ዛንታታት ከም ዝሕብርዎ ግን፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ንፖለቲካውን ጾታውን ብደሆታት ብዝዮጎቹ ይገጥማ ከም ዝበራ እዩ ዘዘንቱ።

ኣብ ግዜ መሳፍንቲ ትግራይ፡ ካብ ደቡብ ናብ ምብራቓዊ ወገን ኤርትራ ንዝመጻኢ ዝበረ ወራራት ኣብ ምክልኻል፡ ምስ ብዑተን ኣብ ምምካቱ ተራ ነይሩወን ተባሂለን ዝዘንተወለን ብ 'ክልኣ ፋጥና' (ክልተ ፋጥና) ዝፍለጣ ኣደታት ምጥቃስ ሓደ ኣብነት እዩ። ኣብቲ ንወራራት ናይቶም ካብ ኣርዑ ገብራይን ዋሪድን ንምክልኻል ተባሂሉ ብዝቐበሏታት ዓሰሰን ጋዕዝን


ኣደታት ደቀን ናብ ግንባር እናፋነዋ

ዝተሰርሑ፣ ካብ 60-70 ኪ.ሜ ንዝርሕቀቱ ቦታ ዝሸፈነ ገዚፍ መንደቕ ደማ እጃመን ገበሩ። ክልኣ ፋጥና፡ ብጡልበተን ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ነየም ወፈርም ዝበሩ ደቂ ተባዕትዮ'ውን፡ ንዋታውን ሞራላውን ድጋፈን ይልግሳ ምንባረን'ዩ ዝነገር።

ኣብ እዋን መግዛእቲ ጥልያን'ውን፡ ድሕሪ ሞት ናይቲ ወሩይ ጸረ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝበረ ደጊያት ባህታ ሓጎስ፡ ብዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ንግስ ምስ ሰዓብታ፡ ነቲ ቃልሲ ንምቕጻል ንትግራይ ገጻ ከም ዝሸፈተት ይዝንቶ።

ቀዳማይ ምምጻእ መግዛእቲ ጥልያን፡ ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ኣብ መንጎ መሳፍንቲ ጸዓዚጋን ሃዜጋን ብርቱዕ ናይ ስልጣን ውድድር ከም ዝበረን፡ ሓንቲ ካብዘን ተቓናቐንቲ፡ ድማ ኣለን ወልዱ - ኣደ ራእሲ ወልደሚካኤል ሰሎሙን ከም ዝበረት ይፍለጥ። ብዓል ቤታ ምስ ሞተ፡ ክልቲኦም ደቃ ንኣሸቱ ስለ ዝበሩ፡ ናይ ኣቦኦም ስልጣን ብቐጥታ ክወርሱ ኣይከኣሉን። ኣለን ርስቲ ብዓል ቤታ ካብ ደቃ ናብ ካልእ ከይሰጋገር፡ ሰራዊታ ኣኸቲታ ኩናት መሪሓ የማናይ ኢድ ሓዘት። ንጸዓዚጋ ኣብ ዓዜን ብምስየር ድማ ናይ ደቃ ስልጣንን ናይ ኣቦኦም ናይ ምውራስ መሰልን ዳግማይ ኣውሓሰት።

ኣብ ከበሳታት ናይዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ እዋናት፡ ኣብ ዓዲ-መንገቲ፡ ሰሓን ዝተባህለት ሰበይቲ'ውን ተመሳሳሊ ዛንታ ነበራ። ሰሓን፡ ብዓል ቤታ ኣቶ ተምጥዋ ምስ ሞተ፡ ደቃ ሒዛ ኣንጻር በራኺን ተሰፋጽዮንን ዝተባህሉ ንርስታ ዝተሻመዉ ደቂ ስበኣያ ንኸትዋጋእ ኣብ ክሳድ ዳዕሮ ከም ዝዓረደትን ከም ዝተዋግኣትን እዩ ዝንገረሉ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ 1940ታት-50ታት ዝበረ መድረኻት ምስ ህዝበን ተሰሊፈን ኣብ ምምካት መግዛእቲ ዝበረን ተራ'ውን ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። እቲ ብሃይማኖታዊ ምፍልላይ ዝልለ ፖለቲካ ናይ 1940ታት፡ ናብ ሓደ ስሙር ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ንምምጻእ ኣብ ዝተዓደ ዝበረ ቃልሲ፡ ነቲ ኩነታት ዘንጸባርቕ ናይ ሓድነት ግጥምታት እናገጠማ ደርፍታት እናደረፋ ዝተሰለፋ ዝምክታ ዝበራ እየን።

1960ታት - 70ታት እውን፡ ኣንጻር መሬትና ንምሓብት፡ መንነትና ደማ ንምሕካኽ ዓሊሙ ዝወርር ዝበረ መስፍናዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ተቓውሞኣን ዝገልጻሉ ዝበረ ግዜ እዩ። ካብቲ ብውዳቤታት ሰራሕተኛታት ዝተዓደ ዝበረ ኣድማታት፡ ካብ ምዕናው ንብረት ጸላኢ ጀሚርካ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ ዝኸደ መልክዕ ናይ መኸተ ተራእዩ እዩ።

ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'ውን እንተርኣና፡ ተራ ናይ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ሒዝዎ ዘሎ ቦታ፡ ንዘርእዮ ኤርትራዊ ግሉጽ እዩ። ንርስተን ኣብ ቀዳማይ መስመር ጸላኢ ተገዲሰን፡ ብረት ዓጢቐን ንመሬተን ንናጽነተን ክብረተንን ብምስዋእቲ ዝተቓለሳ ሓያታት እየን።

ከም ብዓል ኣደይ ዘይነብ ያሲን ዝኣመሰላ ኤርትራውያን ኣደታት ደማ፡ ካብ ወሻጠን ኣዒንትን ወጺኣን ንመንፈሰን ናይ ምቕላስ ወንን ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዘቐስቅሳ ዝበራ ኣርኣያት ምንባረን ይፍለጥ። ኣደይ ዘይነብ፡ በቲ መግለጺ ንቅሓተን ዝኾነ፡ መሬት ዘይወድቕ ቃላተን ዝልለያ፡ መርኣያ ኩለን ኣደታት ኤርትራ ዝኾና ኣደ እየን። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ብቋንቋ ትግረ ካብ ዝገለጻኦ ደማ እዚ ዝስዕብ እዩ፦

*ደግሓሲት ይኣነ ኬጃር እብ ክልሂቡ*
*ወቖዝብ ይኣነ ማስሕቅ ጸዕዳ ኒቡ*
*ኤርትርያ ልሰሜ ኤማን ሉቡዩቡ*
*ጀው ሜዳን ልእተ ከለእተደኬ ሓላሰበ፣*

*(ኣረጊት ኣይኮንኩን ሓይሉ ዝወደኹ መንእሰይ'ውን ኣይኮንኩን ስኑ ዘጸዕደወ፡ ሓቦ ዘለዎ ደቂል ኤርትራ ክርእ ቁምንገሩ ይእቶ ንሜዳ)*

ብምባል ኩሉ ኤርትራዊ ንመሰሉ፡ ንመሬቱን ርስቱን ደው ክብል፡ ክቃለስ፡ ክጽንዕ፡ ካብ ዘነብርኦ ዝበራ ናይ መኸተ ቃልሲ እዩ። "ኣብ ወሽጠይ ዘሎ ረሲ ሃገራውነት፡ ጥረ ስጋ መብሰለ"፡ "እምኒ'ውን ይነድድ ኣሎ፣ . . ." ዝብል ንጽንዓት፡ ሓይልን ንቕሓትን ናይቲ ሕብረተሰብ ዝገልጽ፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዓቢ ሰንበራት ዝገደፈ ቃላት ኣደይ ዘይነብ እዩ።

ተምሳሌት ኣደይ ዘይነብ ዝኾና ኩለን ኤርትራውያን ኣደታት ብሓፈሻ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንኽዕወት፡ ኣብ ኩሉ መዳይ ናይቲ ቃልሲ ብዘበርኦ ኣበርክቶ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ሓደ ናይ ናጽነት ምዕራፍ ክኣቱ ኣኽኢለንኦ እየን።

እፎይ ኢሉ ሰላማዊ ናብራኡ ክመርሕ ኣብ ዝጀመረሉ ናይ ድሕሪ ናጽነት መድረኽ'ውን፡ መንእሰይ ኤርትራ ርስቱን ልኡላውነቱን ክዕቅብ ናብ ግንባር ወፈረ። ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወለዐ ቅሉዕ ወረር ኣብ ምምካት፡ ዳግማይ ኣብ ናይ መኸተ መድረኽ ተጸምደ፡ ከም ተጋደልቲ ኣደታተን ኣብ ጎደኒ ብዑተን ብምኻን ዋጋ ዝኸፈላ ዓበይቲ ኣሓትና በቲ ሓደ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግንባራት ካብ ጎደኒ ደቀን ዘይተፈልያ ኣደታት ድማ በቲ ካልእ፡ ንመኸተና ምሉእን ከም ወትሩ ዕዉትን ክኸውን ኣኽኢለንኦ እየን።

ዘለወን ኩሉ ነቲ ህይወቱ ንምውፋይ ድሉው ዝበረን ወትሩ ድሉው ዘሎን ሓይልታት ምክልኻልና ካብ ምልጋስ ዝተቘጠባሉ እዋን ኣብ ታሪኽና የለን። ኣብቲ ፈታኒ መድረኽ፡ "ሃገረይ ስልማተይ" ብምባል፡ ዝርካቡ ስልማተን ቀንጢጠን ንሃገር ዘወፈያ ምዑታት እየን። ብዘይ ሃገር ዝርከብ ማዕርግ የለን፡ ብዘይ ሃገር ዝልበስ ስልማት የለን፡ ዝርከብ ክብረትን መሰልን'ውን የለን። ኣደታት ኤርትራ ግን ዝኒ ነገረ ኣይደልያሉን። ኣብ ህዝቢ ብዘፈጥርኦ ፍናንን ሞራልን ዋላ ነቲ ደኺሙ ክሰግስ ዝመርጽ ውሑድ ዕድል ዝሁብ ኣይኮናን። ኮታስ ብዘይ እተን ንርስተን ወትሩ ኣብ ቀደሚት ዝስርዓ ኣደታት፡ እዚ ኩሉ ዝተሓልፈ ብደሆታት ክሕለፍ ኣምበይ ምተኻእለን ነይሩ። ዝተሓልፈ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕጂን ንመጻኢን ኪግጥመና ዝኽእሉ ብደሆታት ብጽንዓት ንምስጋር'ውን ከም ወትሩ ዝዓበየ እጃም ዘበርክታ ንሰን እየን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ መኸተ ኣዕሪፉ ዝፈልጥ ህዝቢ ኣይኮነን። መኸተ፡ ባህሉን መንነቱን እዩ። መሬትና፡ መንነትና፡ ልኡላውነትና ንዘክርፍ ጸላኢ፣ ካብ


ኣደይ ዘይነብ ያሲን

ምምካት ሓሊፉ ካልእ ኣማራጺ የብሉን። መኸተና ብንቕሓት፡ ብውዳቤ፡ ብልቦና፡ ብሰብ ኣእምሮኣዊ ጥንካረን ወኒን እዩ ዝቕለስ። ብዘበዝሐ ንዋት፡ ኣጽዋርን ብዝሒ ሰብን ዝተዓወተሉ ኣጋጣሚ'ውን የለን። ስለዚ፡ ሕጂ'ውን ዝኒ ኣብ ቀድመና ዘሎ ብደሆታት ብጽኑዕ መንፈስ ንምምካት፡ መሰረቱ ካብዘን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤትና ዘለዋ ኣደታትና ዝበገስ እዩ።

ኣደታት ኤርትራ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ፡ መሳርሕና ኣብ ምድልዳል፡ ንቕሓትና ኣብ ምብራኽ ዘለዎ ተራ ከም ዝህልወን ዘማትእ ኣይኮነን። ንሕብረተሰብ ብሓፈሻ ንመንእሰያት ከኣ ብፍላይ ሞራል ኣብ ምሃብ፡ ኣብ ቤትና ሃገራውነት ኣብ ምኹስኳስ፡ ዛንታ ጅግንነትን ዓወትን ምቕላሕ መድረኹ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ንኩነት ኣእምሮ ናይዚ ሕብረተሰብ ንምንዋጽ ተባሂሎም ዝንዝሑ ወረታት ኣብ ምጊታእን ሓቀኛ ምስልና ኣብ ምዝርጋሕን፡ እቲ ናይ ወትሩ ተራ ኣደታትና ጎሊሑ ክርአ ዝድለየሉ መድረኽ እዩ። ታሪኽና ከም ዝሕብሮ፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ወጽኢት መኸተን ጽንዓትን ጥራይ ዘይኮና፡ ባዕለን'ውን ፈጠርቲ ጽንዓት እየን። ንሎምን ጽባሕን ዘድሊ ድማ፡ እቲ ካብአን ዝምንጩ ኩለንትናዊ መኸተ እዩ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቆልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጨና ጥዕና |
| 11:00 | ስሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም ትም ምባል ስለዘመረጸ 4ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መሬት ማይን ኣከባቢ |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |


ኣደታት ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ብረት ዓጢቐን እናተቓለሳ



ኣደታት ንሰላም እናዘመራ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ፡ ዘደስክል ፊናንሲያዊ ሕሳባት ሩስያ ክልቀቕ እማመ ኣቕሪባ

ኣመሪካ፡ ኩናት ዩክሬን ብዘርርብ ደው ክብል ድርኺት ንምፍጣር፡ እቲ ብሕብረት ኤውሮጳ ደስኪሉ ዘሎ ብልዩናት ዶላር ርእሰ ማል ፈደረሽን ሩስያ ክልቀቕ እማመ ከም ዘቕረበት፡ ጋዜጣ 'ዘ ፋይናንሻል ታይምስ' ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዝለዎም ምንጪታት ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ሩስያ፡ እቲ ብሕብረት ኤውሮጳ ደስኪሉ ዘሎ ፊናንሲያዊ ሕሳባታ ንዩክሬን እንተ ተዋሂቡ፡ ከቢድ ግብረ መልሲ ከም እትህብ ምጥንቃቓ ይፍለጥ።

ዋሺንግተን፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ንምልቃቕ እቲ ርእሰ ማል ኣመልኪታ ዝተፈላለዩ እማመታት'ኳ እንተ ኣቕረበት፡ ክሳብ ሕጂ ግን ኣብ ውሳነ ከም ዘይበጽሐት እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ይኹን'ምበር፡ መሻርኽቲ ዩክሬን ዝኾና ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ብኣመሪካ ዝቐረበለን እማመ ከም ዘይተሰማምዓሉ ተሓቢሩ።

ቻንስለር ጀርመን ፍሪድሪክ መርዝ




ንእማመ ኣመሪካ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ ደስኪሉ ዘሎ ርእሰ ማል ሩስያ ንሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ ዝምልከት ምዃኑ ክገልጽ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፖላንድ ራዶስላው ሲኮርስኪ ድማ፡ እቲ ዝደስከለ ርእሰ ማል ናብ ሩስያ ክምለስ ኢልካ ምሕሳብ ሕልሚ ጥራይ ምዃኑ ኣስፊሩሉ።

ሃገራት ምዕራብ፡ ኩናት ዩክሬን ኣብ 2022 ድሕሪ ምውላዑ፡ ኣሰታት 300 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ርእሰ ማል ሩስያ ምድስካለን ይዝከር።

እተን ሃገራት፡ ካብቲ ደስኪሉ ዘሎ ርእሰ ማል ሩስያ ዝተረኽበ ወለድ፡ ንዩክሬን ብመልክዕ ሓገዝ ክህባኣ'ኳ እንተ ተሰማምዓ፡ እቲ ርእሰ ማል ብኣውራኡ ንዩክሬን ይወሃብ ኣብ ዝብል ሓሳብ ግን ክርዕማ ከም ዘይክኣላ እዩ ዝፍለጥ።

ሞስኮ፡ እቲ ብሃገራት ምዕራብ ዝተወስደ ናይ ምድስካል ስጕምቲ 'ቅሉዕ ስርቂ' ክትብል ኣብ ግዜኡ ምኹናና ኣይርሳዕን።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ብደረጃ ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ሕጽረት ቀረብ ነዳዲ ንምቕላል፡ ተወሳኺ ነዳዲ ሩስያ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ክሸየጥ ምስ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ከም እተሰማምዑ ሓቢሩ ነይሩ።

## ቻይና፡ እስራኤል ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ካብ ምህናጽ ክትቁጠብ ጸዊዓ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ዋንግ ዪ፡ ኣብቲ



ምስ ፕረዚደንት እስራኤል ኢሳቕ ሄርዞግ ኣብ ኣዘርባጃን ዘካየዶ ዝርርብ፡ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም እትሃንጾ ዘላ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ደው ከተብሎ ምጽዋዑ ተሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ ሚኒስተር ዋንግ ኣብቲ ዝርርብ፡ ሃገሩ ንተግባራት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤም ሓደ ካብቶም ኣብዚ ዘመን ዝተፈጸሙ ዝዓበዩ ታሪኻዊ በደላት ገይራ ከም እትርእዮ ምግላጹ ኣፍሊጡ።

እቲ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ከየምርሐ እንከሎ፡ ዶብ ናይታ ወሸመጥ ክኽፈት ዝጸወዐ ሚኒስተር ዋንግ፡ ግጭት እስራኤልን ሓማስን ብዙተ ፍታሕ ክረክብ ኣተሓሳሰበ።

## ህንድን ሩስያን፡ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ጀሚረን

ህንድን ፈደረሽን ሩስያን፡ ናይ መሬት፡ ኣየርን ባሕርን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከካይዳ ከም ዝጀመራ ተሓቢሩ።

እቲ ናይ መሬትን ኣየርን ልምምድ፡ ክሳብ 23 ጥቅምቲ ኣብ ማእከላይ ክፋል ሩስያ፡ እቲ ናይ ባሕሪ ልምምድ ድማ ትማልን ሎምን ምስ ጃፓን ኣብ ዘዳውብ ማያት ሩስያ ከም ዝካየድ ተገሊጹ።

እቲ ኣሽሓት ኣባላት ሰራዊት፡ ብርክት ዝበላ ናይ ኩናት ነፈርትን መራኽብን ዝሳተፍዎ ዘለዉ ልምምድ፡ ወተሃደራዊ ዝምድና ክልተአን ሃገራት ንምድንፋዕ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ሓቢሩ።

ብዘይካዚ፡ እቲ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ጸጥታ ዞባ ኤስያ-ፓስፊክ ኣብ ምውሓስ እወታዊ ተራ ከም ዘለዎ፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ገሊጹ።

እቲ 'ኢንድራ-2026' ዝተሰምየ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ኣብ 2025 ኣብ ህንዲ ተኻይዱ ምንባሩ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ወተሃደራዊ ዝምድና ሩስያን ህንድን፡ ርኡይ ገስጋስ የመዝግብ ከም ዘሎ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ የረድኡ።



## ሕ/ኤውሮጳ፡ ንዩክሬን ተወሳኺ ሓገዝ ክህብ ቃል ይኣቱ

መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብቲ ንኽልተ መዓልታት ኣብ ከተማ ብራስልስ ዘካየድዎ ዋዕላ፡ ንዩክሬን ተወሳኺ ፊናንሲያውን ወተሃደራውን ድጋፍ ክህቡ ቃል ከም ዝኣተዉ ተሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ እቶም መራሕቲ ሃገራት፡ ዩክሬን ኣባል ናይቲ ሕብረት ንኽትከውን ዘለዎም ተወፋይነት ዳግም ከም ዘረጋገጹ ተፈሊጡ'ሎ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ቤት ምኽሪ ሕብረት ኤውሮጳ ኣንቶንዮ ኮስታ፡ ሞስኮ ኩናት ኣቋሪጻ ናብ መኣዲ መኣዲ ዘተ ንምቕራብ እቲ ሕብረት ጸቕጢ ክገብረላ ንዩክሬን ከኣ ተወሳኺ ድጋፍ ክገብረላ ምጽዋዑ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኮሚሽን ናይቲ ሕብረት ኡርሱላ ቮን ደር ለየን ብወገና፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ሩስያ መበል 22 ዙርያ እገዳ ንምጽዳቕ ይሰርሕ ምህላዉ ኣፍሊጣ።

ብዘይካዚ፡ እቶም መራሕቲ ሃገራት፡ ዩክሬን ንዝመጽእ ሓጋይ ዝኾና ቀረብ ጸዓት ኣብ እተውሕስሉ መንገድታት፡ ከምኡ'ውን ወተሃደራውን ፊናንስያውን ድሌታታ ከተማልኣሉ ኣብ እትኽእለሉ ዛዕባታት ኣተኩሮም ከም ዝተዛተዩ ተገሊጹ'ሎ።



## ሑቲ፡ ንቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት የመን ደብዲቡ

የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ከተማ ዓደን ዝርከብ ህንጻ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት የመን መጥቃዕቲ ሚሳይል ብምክያዱ፡ ሓሙሽተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 16 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ መንግስቲ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ሑቲ፡ እቲ ብ'ኣል ማሻቕ' ኣብ ዝፍለጥ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ብሓሙሽተ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከም ዝደብደቦ፡ ኣብቲ ግዜ መጥቃዕቲ ከኣ ቀዳማይ ሚኒስተር የመንን ካልኦት ኣባላት ካቢነ ሚኒስተራትን ኣብቲ ቀጽሪ ናይቲ ቤት ጽሕፈት ምንባሮም፡ ሚኒስተር ሓበሬታ ናይታ ሃገር ሞኣማር ኣል-ኣርያኒ ገሊጹ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ኩሎም እቶም ሚኒስተራት ብዘይ ዝኾነ ጉድኣት ከም ዝደሓኑ ኣፍሊጡ።

እቲ 'ብኣንሳርኣላህ' ዝፍለጥ ዕጡቕ ምንቅስቓስ፡ እቲ ዒላማ መጥቃዕቲ ዝነበረ ቤት ጽሕፈት፡ ከም መኽዘን ኣጽዋር ሰበ ስልጣን ሰዑዲ ዓረብ ኮይኑ የገልግል ምንባሩ ጠቒሱ'ሎ።

ቀዳማይ ሚኒስተር የመን ሻያ ኣል-ዚንዳኒ፡ እቲ ሑቲ ኣብ ከተማ ዓደን ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ ብምኹናን፡ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ገማግም ባሕሪ የመንን ካልኦት ግንባራትን ኣንጻር እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከም ዝቕጽል ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ሑቲ ኣብ ሪያድ ኣብ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ብዝፈጸሞ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ 13 ሰባት ምቕታሎም ዝዝከር ኮይኑ፡ እዚ ከኣ ኣብ ሰዑዲ ዓረብ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ካብ ዝተራእዩ መጥቃዕትታት እቲ ዝኸፍአ ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሰዑዲ ዓረብ ሪያድ ክሪምሊ፡ ሑቲ ኣብ ልዕሊ ሰዑዲ ዓረብ መጥቃዕትታት ንኸፍጽም ኣሪራን ተተባብዖ ምህላዋ ከሲሱ።

የመን፡ ካብ 2014 ኣትሒዛ ኣብ ኣብ ኩናት ሓድሕድ ተሸሚማ ምህላዋ ጸብጻባት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ምሕረት | 17/10/2026 | ጎደና መረብ ቁ.18፡ቅብቢ ኣምፓቦሎ | 124151 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565